ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን
ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ።

Eritrean Orthodox Tewahdo Church
Diocese of North America

January 4, 2007

ናብ ብፁዓን ሊቃነ ጳጳሳት፡ ጳጳሳት፡ ኤጲስ ቆጶሳት
ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን።

ቃል ሰላምታና ነቐድም።

ከም እትፈልጥዎ ቤተ ክርስቲያንና ብስምኩም ዝወጽእ ጽሑፋትን ክስታትን፡ ንቅዱስ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብዘይዝኾነ ይኹን ሃይማኖታዊ ጥፍኣትን ህጸጽን ካብ መዓርግ ፓትርያርክ ከም ዘውረድክምዎም ይጠቅስ። ብመሠረት ዘለኽምዎ ናብ <u>ብፅዕና</u> መዓርግ ድማ፡ ኣብ <u>ቅድስና</u> መዓርግ ንዘሎ ኣቦ፡ ክተውርዱ ይትረፍ፡ ብዘይኣፍልጦኡ ይዕበ ይንኣስ ዝኾነ ውሳኔ ክትውስኑ ከም ዘይትኽእሉ፡ ቀኖና ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና ከም ዝኽልክለኩም እትርድእዎ ሓቂ እዩ። <u>*"ወኢ.ይትወከፉ ላዕለ ሊቀ ጳጳሳት ውዴተ ኣሓዱ እምጳጳሳት ምንተኒ እምጳጳሳቲሁ፡ ኣው ለእመ ተረክበ በላዕሌሁ ምንተኒ እምኣበሳት ዘእንበለ ይምጻእ ካልእ እምኣኃዊሁ"* ፍትሐ መንፈሳዊ ዓንቀጽ 4፡ ዘኒቅያ 50</u> ዚብል ሓዋርያዊ ትእዛዝ ፈጺምኩም ክትግህስዎን ክትሰግርዎን ዘይከኣል እዩ። በዚ መሠረት ድማ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ፡ ብግልጺ ኣብ ርእሲ እዞም ዘሎኹም ሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን ኤጲስ ቆጶሳትን፡ <u>*"ፓትርያርክ፡ ጳጳስ፡ ካህን ዲያቆን" ከይትሽሙ፡ ብሥልጣን ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን፡ ሓዋርያዊ ውግዘት ኣብ ርእሴኹም ተነቢሩ ኣሎ።*</u> ሥልጣን ሥላሴ ረጊጽካ ዝግበር ኩሉ ተግባራት ድማ ብቀኖና ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና እቲ ዝዓበየ ክሕደትን መናፍቕነት ምዃኑ እትፈልጥዎን እትግንዘብዎን ሓቂ እዩ። እዚ ኮይኑ ግን እቲ ኩነታት ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝገደደ እናዓረገ ይኸይድ ምህላዉ ንኣኻትኩም ፍሉጥ ስለ ዝኾነ ምብራህ ዘድሊ ኣይመስለናን።
ስለዚ ንሕና ኣስማትና ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ፡ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ እንርከብ ካህናት ቅድስት ቤተ ክርስቲያን፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ፡ ሓዋርያዊ ውግዘት ሰጊርኩም፡ ንእትሽምዎ ዲያቆን፡ ካህን፡ ጳጳስ፡ ፓትርያርክ፡ ከም ዘይንቕበሎን፡ ንሕና ኮነ እንኳስዮም ምእመናንና፡ ተሳተፍቲ እቲ ውግዘት ከም ዘይንኸውን፡ ብዝተዋህበና መንፈሳዊ ሓላፍነት ድማ፡ ተዓሚትና ክንሓልፎ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከሕትተና ስለ ዝኾነ፡ ቤተ ክርስቲያንና ካብ ኣሓትን ሓዋርያዊ መሳልላን ከይብተኽ፡ ዝኸፍአ ዕንወት ከይወርድ፡ ጸዋዒትና ነመሓላልፍ።

እግዚኣብሔር ብደሙ ዘጥረያ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና ይሓሉ።


ቅዳሕ፡ ንኹሉን ናይ ኤርትራ ገዳማት፡
ንኹሉን ኣብያተ ክርስቲያናት ኤርትራ፡
ንናይ ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያናትን

P.O.BOX 390486
Snellville,Ga.30039
USA

Tele 770-484-1322 Fax (770)-484-1344
diocese@tewahdo.com
www.tewahdo.com

1. ቆሞስ ቀሲስ ክሰተ ገብረሚካኤል ዋሽንግቶን  ሲያትል
2. መልኣከ ምሕረት ቀሲስ ኣርኣያ ተስፋይ ኒውዮርክ
3. ኣባ ሠመረ ገብረኢየሱስ ሚነሶታ
4. ቀሲስ ኣምደሚካኤል ሃብተጽዮን ኦረገን
5. ቀሲስ ኣባይ ተወልደ ሳ. ዳኮታ
6. ቀሲስ ካሕሳይ ገብረሥላሴ ሲያትል
7. ሊቀ ካ. ቀሲስ ገብረሚካኤል ዮሓንስ ኣትላንታ
8. መልኣከ ሰላም ቀሲስ ወልደትንሳኤ ብርሃነ ዋሽንግቶን ዲሲ
9. ቀሲስ ዲበኩሉ ላይነ ካሊፎርኒያ
10. ቀሲስ ሰመረ ገብረኣብ ካናዳ
11. ቀሲስ ረዘነ ገብረሚካኤል ቴክሳስ
12. ቀሲስ ኣስመሮም ሞሳዝጊ ኣትላንታ
13. ቀሲስ ሓለፎም ዓንደማርያም ኒው ዮርክ
14. ቀሲስ ተስፎም ገዛኢ ዋሽንግቶን ዲሲ

ሰላምን ቅሳነትን ራህዋን ንህዝቢ ኤርትራ።




P.O.BOX 390486
Snellville,Ga.30039
USA

Tele 770-484-1322 Fax (770)-484-1344
diocese@tewahdo.com
www.tewahdo.com